

# ተጋዳልይ ሙሓመድ ዓምር ተሰዊኡ

ጅግና ተጋዳይ ሙሓመድ ዓምር ብቀዳም ዕለት 10/8/2019 ኣብ ኤርትራ ከተማ ከረን ተሰዊኡ ዝብል ሓበረታ ብጽሑና ። ዓብይ ሓዘን ድማ ተሰምዑና ። ተጋዳልይ ሙሓመድ ዓምር ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ተጋደልቲ ኮይኑ ብ1963 ኣብ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ንሜዳ ውጽኡ ። ኣብ ማእለያ ዘይብሉ ውግኣት ኣንጻር ጻላኢ ዝተሳተፈ ተጋዳላይ እዩ ። ገለ ካብቲ ዝተሳተፎ ዉሩይ ታሪኻዊ ውግኣት ድማ ፣ ድሕሪ መስዋእቲ ጀማሪ ሰውራ ሓሚድ እድሪስ ዓዋተ ንዑኡ ተኪኡ ንሰራዊት ሓርነት ዝመረሐ ተጋዳላይ ሙሓመድ እድሪስ ሓጅ ዝተሰወኣላ ውግእ ዓዩን ሓንቲ እያ ። ብጥሪ 1964 ድማ ኣብቲ ዉሩይ ውግእ ጃንጋረን ተሳቲፉ ። ብዕለት 15 መጋቢት 1964 ድማ ኣብታ ህዝብና ዓመተ ዓመት ዘኽብራ ታሪኻዊት ማዓልቲ ኣብ ቶጎሩባ ዝተኻየደ ውግእ ተኻፊሉ ። መጀመርታ 1966 ፣ ፖለቲካዊ ካድር ካልኣይቲ ክፍሊ ዝነበረ ጅግና ማሕሙድ ሙሓመድ ዓሊ ጃንጃር ዝተሰወኣላ ፍልጥቲ ውግእ እድርባ ነሩ ። ኣብ መጨረሽታ ሕዳር 1967 ድማ ሰለስተ ጋንታት መሪሑ ኣብ ዶብ ሱዳን ሰምየናዊ ሳሕል እትርከብ ከተማ ቃሮራ ንዝነበረ መደበር ጻላኢ ኣጥቅዑ ተቆጻጽሩዋ ። ኣብ ልዕሊ ጻላኢ ከብድ መጥቃዕጢ ወሪዱ ምውታትን ቁሱላትን ምሩኻትን ኮይኖም ድማ ዝነበረ ብረትን ንብረትን ኩሉ ኣብ ኢድ ሰራዊት ሓርነት ወዲቁ ። ናይ እትዮጵያ ሰንደቅ ዕላማ ኣንድዶም ድማ ኣብ ቦታትኣ ኤርትራ ሰንደቅ ዕላማ ኣንበልበሉ ። መሬት ምስ ወገሐ ድማ ቁሱላቶም ሕዞም ካብቲ ቦታ ብሰላም ስሒቦም ።

ብዕለት 6 መስከረም ሙሓመድ አኣምር ኣብቲ ዉሩይ መጥቃዕቲ መደበር ሓልሓል ብብርቲዕ ተወግኡ ንሱዳን ተላእኹ ኣብ ሕክምና ዓመት ዝኾውን ጻነሐ ።

ብወርሒ መጋቢት 1970 ኣብቲ ንክልተ ሶሙን ዝኣክል ዝተኻየደ ውግኣት ላኮታትን ፋናን ተኻፊሉ ። መወዳእታ 1975 ድማ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ፣ ጀጋኑ ሰራዊት ሓርነት ምስ ጸላኢ ኣብ ዘካየዱዎ ጥምጥም ፣ ምስ ሰራዊቱ ኣብቲ መገዲ ኣስመራን ከረንን ምዕራባዊ ሸነኽ ኣስመራ ዘሎ ዓድታትን ፣ ክሳብ መንደፈረ ዘሎ መገድታትን ዓሪዱ ነሩ ። ብነሓሰ 1977 ኣብ ውግእ ምሕራር ከተማ መንደፈራ ድማ ነሩ ።

ስዉእ ሙሓመድ ዓምር ፣ ኣብ ስራሓቱ ኡሙንን ንጹህን ተባዕን ተጋዳላይ ከምዝነብረ ፣ ታሪኽን ኩሉ እቲ ቃልስታት ዘካየደሉ መሬት ኤርትራ ዝምስክረሉ ብጅግንነቱ ቅድሚ ኣዕርኽቱ ብጸላእቱ ዝፈልጠ ታጋዳልይ እዩ ነሩ ።

ስዉእ ሙሓመድ ዓምር ኣብ ቃልሲ ዝተፈላለየ መራሒ ቦታታት ተሰኪሙ ይቃለስ ነሩ ። ኣብ መወዳእታ መራሕ ካልኣይቲ ቦጦሎኒ ብርጌድ 72 ነሩ ።

ስዉእ ባዓል ሓዳር ኣቦ ሓንቲ ጓል ነሩ ። ኣምላኽ ክንዲቲ ምእንቲ ናጽነት ህዝቡን ክብረቱን ዝወፈዮ ቃልሲ ፣ ጻማኡ ሂቡ ንገነት ይበሎ ። ንኩሎም ስድራ ቤቱን ናይ ዕላማ ብጾቱን ድማ ጽንዓት ይሃቦም ።

**ብተጋዳላይ እድሪስ ዑስማን (ቃታላ)**